Bayerisches Landesamt für
Gesundheit und Lebensmittelsicherheit

# ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ንዑቕባ ዝሓተቱ
# ብዛዕባ ሕማም ወይቦ

ካብቲ ንስኻ ዝገበርካዮ ዝተፈላለየ ሓፈሻዊ ናይ ጥዕና ምርመራ ሓደ ካብኡ ናይ ሕማም ወይቦ ምርመራ የጠቓልል።. ኣብቲ ዝተገብረ ምርመራ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ምርመራ ደም ውጽኢት ተራእዩ ስለዝሎ ምናልባት ሕማም ወይቦ ከም ዘለካ ምልክት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ስለዚ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ናይ ሕማም ውጽኢት ነቶም ናይ ጥዕና ጉዳይ ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈት ክላኣኽ ኢዩ፣ ከምኡ'ውን እቲ ውጽኢት ናይቲ ምርመራ ናብቶም ናይ ገዛ ምምሕዳር ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈትን ነቶም ናይ ስደተኛታት ዝምልከቶም መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት- ቡንደስ ኣምት- ብመሰረት መጽሓፍ ሕጊ ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ (§ 62 Asylgesetz) ክተሓላለፍ ኢዩ።

ነቲ ተረኺቡ ዘሎ ሕማም ንምርግጋጽ ዝኣክል ተወሳኺ ምርመራታት ከም ብራጂ ጌርካ ዝግበር ናይ ጻላም ኸብዲ ምርመራ ከምኡ'ውን ካልእ ናይ ደም ምርመራታት ምግባር ኣገዳሲ ኢዩ። ብኸምዚ ኣገባብ ጌርካ ጥራሕ ኢዩ ሕክምና ክትገብር ምኽንካን ከምኡ'ውን ብኸመይ ኣገባብ ሕክምና ክትገብር ከምዝኾንካ ክፍለጥ ዝከኣል። ስለዚ ብኽብረትኩም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ኣብቲ ዘለኹሞ ናይ መጽንሒ ቦታ ዝርከብ ሓኪም ተወከሱ። እንተደሊኹም'ውን ኣብ ካልእ ዝመረጽኩሞ ሓኪም ኬድኩም ክትሕከሙ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ንመሔከሚ ዘድሊ ናይ መሔከሚ ወረቐት ካብቲ ኣብ ቦታኹም ዝርከብ ናይ ኢሚግሬሽን ቤት ጽሕፈት - ላንድራትስኣምት - (ሶሽያልኣምት) ክወሃበኩም ይኽእል ኢዩ።

<u>ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ወይቦ ሕማም:</u>
ሕማም ወይቦ ኣብ ጽሊም ኸብዲ ብቫይይረስ ዝተሓላለፍ ተላጋቢ ሕማም ኢዩ። እቲ ናይ ሕማም ዓይነት ኣብ ዝተፈላለየ ኾነታት ዝተፈላለየ ዝዓይነቱ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቶም ከጋጥሙ ዝኽዕሉ ናይ ሕማም ምልክታት ከም ኣብ ላዕለዋይ ሸነኽ ናይ ከብድኻ ፍሉይ ዝኾነ ቃንዛ ምስዝህሉ፣ ናይ መግቢ ሸውሃት ምስዘይህልወካ፣ ዕግርግር ምስዝብለካ፣ ተምላስ፣ ድኻም ምስዝስምዓካ ወይ ወይቦ (ዓይንኻ ብጫ ምስዝኸውን፣ ቆርበትካ ብጫ ምስዝኸውንን መምብራናኻ እውን ልፉጫዊ ምስዝኸውን) ኢዩ። እንተኾነ ግን ሓደ ሓደ ግዜ ምንም ዓይነት ናይ ሕማም ምልክት ዘይርኣየሉ ኾነታት የጋጥም ኢዩ። ካብቲ ዘጋጥም ኾነታት 10% ሕማም ወይቦ ምሉእ ብሙሉእ ኣይሓውን ኢዩ፣ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ጻሊም ኸብዲ ሕዱር ዝኾነ ናይ ምቅጻል ስሚዒት የሕድር። በዚ ምኽንያት እዚ ጻሊም ኸብዲ ብዝገደደ ይባላሸው። እዚ ኸምዚ ዓይነት ኾነታት ምጭብባጥ ናይ ጻሊም ኸብዲ (Zirrhose) ኣብ ሓደ ሓደ ኾነታት ድማ ናይ ጻሊም ከብዲ ሞንሽሮ (hepatozelluläres Karzinom) ከስዕብ ይኽእል ኢዩ።

<u>እቲ ቫይረስ ዝማሓላለፈሉ መንገዲ:</u>
እቲ ቫይረስ ናይ ሕማም ወይቦ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝተሓላለፍ ኮይኑ መብዝሕትኡ ግዜ ብደም ወይ ስጋዊ ርክብ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ብኻልእ ናይ ኣካላትና ፈሳሲ ዓይነት ይተሓላለፍ።

*ስጋዊ ርክብ ምግባር:* እቲ መብዝሕትኡ ግዜ ጠንቂ ናይ ምትሕልላፍ ሕማም ወይቦ ኢዩ። እዚ ብስጋዊ ርክብ ዘሎ ናይ ምትሕልላፍ ሓደጋ ኮንዶም ምስእትገብር ነቲ ናይ ሕማም ምትሕልላፍ ጠንቂ ዝተሓተ ዝተሓተ ይኽእል።

*ምስ ናይ ወይቦ ሕማም ዘለዎ ደም ርክብ ምግባር* : ንኣብነት ምስ ደም ዝወጽእ ዘለዎ ቑስሊ ምትንኽኻፍ፣ ናይ ክታበት መርፍእ ብሓባር ምጥቃም (ንኣብነት ድሮጋ ብዘይ ግቡእ ምዝውታር) ናይ ጽፍሪ መቐዝ፣ ናይ ጭሕሚ መላጸዪ ላማ፣ መላጸዪ ወይ መመወጽ ስኒ።

*ኣብ ግዜ ምውላድ ዝተሓላለፍ ልኽፈት:* ሕማም ወይቦ ዘለዋ ኣደ ህጻን ኣብ እትወልደሉ ግዜ ነቲ ውላዳ ብናይ ደም ርክብ ሕማም ከተታሓላልፈሉ ትኽእል ኢያ።

*ውቃጦ ምውቃጥ፣ ኣኩባንክቸር (ኣብ ቆርበት ቀጠንቲ መራፍእ ብምርቕራቕ ዝዝውተር) ከምኡ'ውን ናይ እዝኒ ሉቕሬን ንምግባር ዝውጋእ።* እዞም ዝተጠቕሱ መስርሓት ብዘይ ኣገባብን ብዘይ ንጽህናን ምስዝግበሩ ሕማም ወይቦ ክተሓላለፍ ይኽእል ኢዩ።

Merkblatt für Asylbewerberinnen und Asylbewerber zur Hepatitis B Tigrinisch

ክግበሩ ዝኽእሉ ሕክምናታት :
ሕማም ወይቦ ምስዝሕዘካ እቲ ክትገብሮ ዘሎካ ሕክምና ስጋብ ክንደይ ክከውን ከምዘለዎ ክፍለጥ ዝኽእል በቲ ውጽኢት ናይቲ ዝግበር ተወሳኺ ምርመራ ምርኩስ ብምግባር ኢዩ። ስለዚ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ በቲ ናትካ ሓኪም ሓበሬታ ክወሃበካ ኢዩ።

እዚ ሕማም እዚ ንኻልኦት ሰባት ንኸይለግቦም ክንኽተሎም ዘሎና ኣገባባት:

- ኣብቲ ልሙድ ዝኾነ ማሕበራዊ ርክባት (ከም ኢድ ምጭባጥ፣ ምዝርራብ) ኣብ እትገብረሉ ግዜ ናይ ሕማም ወይቦ ናይ ምትሕልላፍ ሓደጋ የለን።
- ካልኦት ሰባት ምስ ናትካ ደም ወይ ካልእ ናይ ኣካላትካ ፈሳሲ ርክብ ኣብዝገብርሉ ግዜ ሓንሳእ ተጠቒምካ ዝድርበይ ጓንቲ ንኽለብሱ ንገሮም።
- ምስቲ ስጋዊ ርክብ እትገብሮ ብጻይካ/ ብጻይትኻ ምናልባት ናይ ወይቦ ሕማም ከምዘለካ ሓብር።
- ስጋዊ ርክብ ኣብ እትገብረሉ ግዜ ኮንዶም ተጠቐም።
- ቤተ ሰብካን ምሳኻ ኣብ ሓደ ገዛ ዝነብሩ ኣባል ስድራቤትካን ኩሎም ኣንጻር ሕማም ወይቡ ክታበት ክገብሩ ከምዘለዎም ሓብሮም።
- እንተድኣ ሕማም ወይቦ ኣለካ ኮይኑ ደም ክትልግስ የብልካን!
- ሕማም ወይቦ ዘለዎ ነፍሰ ጾር ኣደ ድሕሪ ምውላድ ነቲ ዝተወልደ ህጻን ኣንጻር ወይቦ ክታበት እንድሕር ተኸቲቡ እቲ ሕማም ናብ ውላዳ ንኸይተሓላለፍ ክከላኸል ይኽእል ኢዩ።
- ነቲ ዝሕክመኩም ሓኪም ወይ ነቲ ዝሕክመኩም ናይ ስኒ ሓኪም ብዛዕባ ዘለኩም ናይ ወይቦ ሕማም ሓብርዎ።
- እቲ ሕማምኩም እንዳገደደ እንድሕር ከይዱ ምስቲ ኣብቲ ቦታኹም ዝርከብ ናይ ክንክን ጥዕና ቤት ጽሕፈት ተራኺብኩም ብዛዕባ ዘለኩም ሕማም ወይቦ ሓብርዎ።

እቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ዝምልከቶ ናይ ጥዕና ቤት ጽሕፈት ዘድሊ ሓበሬታ ክህበኩም ኢዩ።

ናይ ድሕረባይታ ሓበሬታን ናይ ሓበሬታ ጽሑፋትን ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም:

- Bayerisches Landesamt für Gesundheit und Lebensmittelsicherheit (LGL) ኣብዚ ዝስዕብ www.lgl.bayern.de, ኣብዚ http://www.lgl.bayern.de/gesundheit/infektionsschutz/asylbewerber_gesundheit/index.htm (ብቋንቋ ጀርመን ዝተጻሕፈ ጥራሕ ዝርከቦ)።
- Robert Koch-Institut ኣብዚ ዝስዕብ www.rki.de ኣብዚ http://www.rki.de/asylsuchende (ብቋንቋ ጀርመን ዝተጻሕፈ ጥራሕ ዝርከቦ)።
- Bundeszentrale für gesundheitliche Aufklärung ኣብዚ ዝስዕብ http://www.bzga.de ኣብዚ http://www.infodienst.bzga.de/?id=Seite3233 http://www.infektionsschutz.de/erregersteckbriefe/ (ብቋንቋታት ጀርመን፣ ኢንግሊዝ፣ ዓረብ፣ ቱርኪ፣ ፈረንሳን ሩስያን ዝተጻሕፈ ዝርከቦ)።
- Centers for Disease Control and Prevention (CDC) ኣብዚ ዝስዕብ http://www.cdc.gov/vaccines/vpd-vac/hepb/default.htm (ብቋንቋታት ጀርመንን ስጳኛን ዝተጻሕፈ ጥራሕ ዝርከቦ)።
- World Health Organization (WHO) ኣብዚ ዝስዕብ http://www.euro.who.int/en/health-topics/communicable-diseases/hepatitis (ብቋንቋ ኢንግሊዝ ዝተጻሕፈ ጥራሕ ዝርከቦ)።